ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ጉጅለ ከለን ሃ/ጀርመን
People's Front for Democracy and Justice (PFDJ) Cologne - Germany

ዕለት 11.03.2017

ዝኸበርክን ብጾትን ዕዱማትን !

" ጓል ኣንስተይቲ ዋሕስ ልኡላውንውትን ልምዓትን !!" ኣብ ዝብል ቴማ ሎሚ ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ ኣንስትዮ ብሓባር ከነብዕል ዝገበርክናልና ዕድመ ሓበን ይስምዓና።

ደቀ ኣንስትዮ ዓለም ንማዕርነትን መሰለንን ካብ ዝተቓለሳ ነዊሕ እዋን እዩ። ንኣብነት ኣብ ኣመሪካ ብ1908 ዓ.ም. ኣብ ኤሮጳ ድማ ኣብ ደኒማርክ ጀርመን ስዊዘርላንድ ሃንጋሪ ኦስትርያ 1911 ዓ.ም. ማሕበር መስሪተን ምኪያድ ቃልሰን ዝቐጸላ።

ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ቃልሲ ብዘይ ፍርቂ ሕብረተሰብ ዓወት የሎን ኣብ ዝብል ተምርኪሱ ንደቀ ኣንስትዮ ማሕበረን ምስሪተን ጐኒ ጐኒ እቲ ብረታዊ ቃልሲ፡ ንናጽነትን ንማዕርነትን መሰለንን ከም ዝቃለሳ ዝገበረ።

እዚ ቃልሲ ኣብተን ብረት ዝሓዛ ተጋደልቲ ጥራይ ከይተወሰነ ኣብ ትሕቲ ሓፋሽ ይንቃሕ ይወደብ ይተዓጠቕ ዝብል መርገጺኡ ንሓፋሽ ደቀ ኣንስትዮ ኤርትራ ካብቲ ሓራን ሓውሲ ሓራን ዝወጻ መሬት ጀሚሩ ነተን ኣብ ወጻኢ ዝነብረኣ ደቀ ኣንስትዮ እውን ማሕበር መስሪተን ንማዕርነትን መሰለንን ናይ ቃልሲ ባይታ ፈጢሩለን ኢዩ።

መንግስትን ግንባርን ድሕሪ ናጽነት ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ መሰላን ማዕርነታን ተሓልዩ ኣብ ኩሉ መዳያት የሳትፉ ኣሎ። ነቲ መሰልን ማዕርነትን ደቀ ኣንስትዮ ዝገፍፍ ድሑር ባህልታትን ልምድታትን ብምጥፋእ ዓበይቲ ዓወታት ተበጺሑ እኳ እንተኾነ፡ ነቲ ዝበጽሐ ንምዕቃብ ነቲ ዝተረፈ ንምብጻሕ ምሉእ ማዕርነት ጓል ኣንስተይቲ ንምርግጋጽን ምጭባጥን ሓቢርና ንሰግም።

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ

ጉጅለ ህ.ግ.ድ.ፍ. ከለን